ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

سفارة دولة اريتريا
الولايات المتحدة الأمريكية

EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA TO THE UNITED STATES OF AMERICA

# ሓበሬታ ብዛዕባ ምጅማር ቆንስላዊ ኣገልግሎታት ብመስመር መርበብ ሓበሬታ
# Online E-Service

ብኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕ/መ/ኣ ንህዝቢ ዝወሃብ ቆንስላዊ ኣገልግሎት፡ ካብ ሎሚ መስከረም 20, 2024 ጀሚሩ፡ ኩሎም ዜጋታትን ተገልገልቲን ከካብ ዘዘለውዎ ቦታ ብመስመር መርበብ ሓበሬታ ብርሕቀት ዘድልዮም ጉዳይ ምስላጥ ከምዝኽእሉ ንሕብር።

እዚ ብኪኢላታት IT ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዝተዳለወ ኣገባብ መስርሕ Consular Affairs Processing System (CAPS) ጻዕቒ ጉዳያት ኣብ ምቅላልን ኣብ ምምሕያሽ ኣሳልጦ ስራሕን ዓቢ ኣበርክቶ ክህሉዎ ትጽቢት ተነቢሩሉ ኣሎ። በዚ መሰረት፡

1. ቅድሚ ሕጂ ብኣካል ዝፍጸም ዝነበረ ቆንስላዊ ኣገልግሎት ብመስመር መርበብ ሓብሬታ online ይፍጸም።
2. ሓድሽን መተካእታ ወረቐት መንነት ኤርትራ ከውጽእ ዝደሊ ዜጋታት፡ ከምእውን ክታምን ምርግጋጽን ዘድልዮም ጉዳያት ምስ ዝህልዉ፡ ብቐዳምነት ዘድሊ ቅጥዒ ኣብ ኦንላይን ይምላእ፡ ብምቕጻል ተገልገልቲ ኣብ ዝነብሩሉ ከተማ ምስ ዝርከቡ ወለንታውያን ወከልቲ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣቐዲሞሞ ቆጸራ ብምሓዝ ጉዳዮም የማልኡ ።
3. ብተመሳሳሊ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ዝነብሩ ዜጋታት ሓድሽን መተካእታን ወረቐት መንነት ኤርትራ ከውጽኡ ምስ ዝደልዩ፡ ከምእውን ክታምን ምርግጋጽን ዘድልዮም ጉዳያት ምስ ዝህልዉ፡ ብቐዳምነት ዘድሊ ቅጥዒ ኣብ ኦንላይን ይምላእ፡ ብምቕጻል ብተመሳሳሊ ኣገባብ ካብ ኤምባሲ ቆጸራ ብምውሳድ፡ ኣብ ባህላውን ሲቪካውን ማእከል ኤርትራውያን ጉዳዮም የማልኡ። ECCC 2154 24th Place NE, Washington, DC 20018
4. ናብ ኤርትራ መእተዊ ቪዛ ዝሓትት ዜጋ ይኹን ወጻእተኛ፡ ብቐዳምነት ብመስመር መርበብ ሓብሬታ online ዝድለ ሓብሬታ ይምላእ፡ ብድሕሪኡ ፓስፖርት ናብ ኤምባሲ ብፖስታ ይለኣኽ።
5. ዝሕደስን ዕለቱ ዝናዋሕ ፓስፖርት ኤርትራ፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ብቐዳምነት ኩሉ ሓበሬታ ብመስመር መርበብ ሓብሬታ online ይምላእ፡ ብድሕሪኡ ፓስፖርት ብፖስታ (Postal Service) ናብ ኤምባሲ ይለኣኽ
6. ን ኣጠቓቕማ መስርሕ ቆንስላዊ ኣገልግሎት Online E-Service ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ወይ ሓገዝ ምስ እትደልዩ ኣብ ከታማታትኩም ንዝርከቡ ወከልቲ ሓገዝ ክትሓቱ ከም እትኽእሉ ንሕብር፡

<u>እዚ ኣገባብ - መስርሕ ዕዉት ንኽኸውን ተገልገልቲ ካብኦም ዝሕተት ሓበሬታ ብጉቡእ ከማልኡ ነዘኻኽር</u>

[ኣገልግሎትኩም ንምጅማር ኣብዚ መስመር ሊንክ ክትኣትዉ ንዕድም](us.eriembassy.org)

[us.eriembassy.org](us.eriembassy.org)

ዓወት ንሓፋሽ !!
ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ሕ/መ/ኣመሪካ
መስከረም 20 2024